# ሓይሊ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ኣመሪካ

## ሓይሊ ውልቀ መላኺ ኣብ ኤርትራ

*ኣብ'ዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ንቻርተር፡ ውዑላትን ስምምዓትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተቐበላ፡ ተቐቢለን ብተግባር ክሰርሓሉ ፍቓደኛታት ዝኾናን በቲ ውድብ ኣፍልጦ ዝረኸባን ኣስታት 200 ልኡላውያን ሃገራት ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ከም ሃገራት ከመይን መዓስን ተጣይሰን፣ ታሪኽን ተመክሮን መንግስታዊ ምሕደራአን፣ ንነጻነትን ሓርነትን ዝገበራኦ ተጋድሎ፡ ዝኸፈላኦ ዋጋን ዝሓፈሳኦ ዓወትን፣ ሕጂ ዝርከባሉ ደረጃ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ ምዕባለን ዲፕሎማስያውን ተክኖሎጂካ'ውን ጽልዋን ብርግጽ ሓንቲ ካብ'ታ ካልእ ብልጫታት ኣለወን። ገሊአን ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ኩለ-መዳያዊ ምዕባለ ደይበን ካብ'ዛ ንነብረላ ዘለና መሬት (ፕላኔት) ወጺአ ዝሓሸ ህይወት ንምርካብ ኣብ ጠፈራዊ ምርምር ዝበጽሓ'የን። ገሊአን ነተን ቀዳሞት ከርክባ ዘኽእለን ድልዱል ኩለ-መዳያዊ ናይ ምዕባለ መሰረት ኣንጺፈን ብሩህ መጻኢ እናማዕደዋ ንቕድሚት ኣብ ምግስጋስ ዝርከባ'የን። ገለ ከኣ ኩለ-መዳያዊ ምዕባለአን ብንጉሳውን ምልካውን ምሕደራ ተኾሊፉ ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላውያን ሃገራትን ኣብ መንጎ ምቕጻልን ዘይምቕጻልን ዝሰሓጋ ዘለዋን'የን ኢልካ ብጥቕሉል ክግለጻ ይኽእላ።*

*ወዲ-ሰብ ከም ሰብ ብተፈጥሮኡ ማዕረ'ዩ። ልኡላውያን ሃገራት'ውን ኣብ ውሽጠን ልኡላዊ ህዝቢ ዝሓቑፋ ከም ምዃነን መጠን፡ ዘቤታዊ ሰላም ኣረጋጊጸን፣ ደሞክራስያዊ ትካላት ኣጣይሰን፣ ልዕልና ግዝኣተ ሓጊ ኣስፊነን፣ ፖለቲካዊ ስልጣንን ሃብትን ዘመቻርሕ ግሉጽ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ኣተኣታትየን፣ ብነጻነት ንቕድሚት ከይምርሻ ካብ ድሩት ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝበን ጉድለት ቅንዕናን ዘይብቕዓት መራሕተንን ወጻኢ ከቶ ዝዓግተን የለን። ስለምታይ'ሲ ማዕረ መሰል'ዩ ዘለወን።*

*ደረጃ ምዕባለ ናይ ህዝብታት ካብ ዝምዝነሎም ሓደን ቀንድን ከኣ ኣብ ሕግን ሕጋውነት ዘለዎም ተረደኦን ምእዙዝነትን'ዩ። ዜጋታትን ህዝብታትን ዝመሓደርሉ ዝነባበርሉ ሕግን ሕጋውነት ድማ ሓይሊ ሓሳብ 'ምበር ነገራዊ ሓይሊ ኣይኮነን። ብሕጊ ዘይንመሓደረሉ ምኽንያት ብቑጠባ ድኻታት ስለ ዝኾነ ኢና፣ ዓበይቲ ኢንዳስትሪታት ስለዘይብልና ኢና፣ ዝተራቐቐ ኣጽዋር ሆናት ስለዘይወነና ኢና፣ ብምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ገና ድሕሪት ስለዘለና ኢና፣ ውሑዳት ስለዝኾና ኢና፣ ተጻብኦታት ስለ ዝበዝሓና'ዩ ....ወዘተ ብዝብል ድኹም ምስምሳት ክትሃድመሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ነገራዊ ጸጋታት ክህልውኻ ጽቡቕ'ዩ። ነገራዊ ሃብቲ ስለዘይብልና ኣብ ልዕሊና ግዝኣተ ሕጊ ዘለና ተረድኦ ደኺሙ ማለት ግን መሊሱ ዘተዓዛዝብ ደኣምበር ዝእመን ኣይኮነን።*

*ኣብ ኣፍሪቃዊት ሃገረ ጋምቢያ ዓለም ዝተዓዘበቶ ፖለቲካዊ ተዋስኦ፡ ጥሕሰት ሕግን ሕጋውነት ቀጥታ ምስ ቅንዕናን ሓይሊ ሓሳብን ዝተኣሳሰረ ደኣምበር ነገራዊ ሓይሊ ዘይምዃኑ'ዩ። ብዕልዋ ኣብ ስልጣን ደይቡ 22 ዓመት መሪሑ፡ ህዝቢ ብምርጫ ኣይንደልየካን ዝበሎን ቅዱስ ቁርኣን ሒዙ ስዕረተ ተቐቢለይ ኣለኹ፡ ስልጣናይ ብህዝቢ ንዝተመርጸ መራሒ ኣረኪበ ናብ ምሕላው ከብተይ ክኸይድ'የ ኢሉ ዝገለጸን ፕረሲደንት ያሕያሕ ጃሚዕ፡ ተገልቢጡ ካብ ስልጣነይ ኣወርድን ምባሉ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ምስተቐርቀረ ይቕረታ ሓቲቱ ከረክብ'የ ምባሉ፡ ናይ ነገራዊ ሃብቲ ድኽነት ዘይኮነ ካብ ፖለቲካዊ ድኽነትን ሕሉፍ ስሰዐን ዝምንጩ ኣብ ልዕልና ህዝብን ሕግን ዘለዎ ትሑት ኣገንዝቦ ዘመልክት'ዩ።*

*ኣብ ርእሰ ሓያል ሃገር ኣመሪካ ንፕረሲደንታዊ ምርጫ ኣብ መንጎ ንሰልፊ ደሞክራሲ ዝወከለት ሂለሪ ክሊንተንን ንሰልፊ ሪፓብሊካን ዝወከለ ዶናልድ ትራምፕን ብርቱዕ ምትህልላኽ ዘለዎ ውድድር ከካይዱ ተዓዚብና። ኣብ'ቲ ኣብ ህዝቢ ዝገብርዎ ዝነበሩ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ፡ እንተመሪጽኩሙኒ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ጸጥታዊ፣ ዲፕሎማስያዊ፣ ማሕበራዊ ህይወት ዘይነበረ ሓድሽን ዝማዕበለን ለውጢ ከምጽእ'የ ካብ ዝብል ፖሊሲ ሓሊፉ፡ ክሳብ ውሽጣዊ ማሕበራዊ ጉዳዮም ዘቃልዕ፡ ምስ ሰብኣዊ ክብረትን ድፍረትን ዝተኣሳሰረ ወፍሪ ብምክያድ ኣቓልቦ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ስሒቡ ጸኒሑ። ንዕለተ ምርጫ ገለ ሰሙናት ምስተረፎ ኣብ ልዕሊ ሂለሪ ክሊንተን ብኤፍ ቢ ኣይ /ቤ/ጽ ውሽጣዊ ምርመራ/. ዝቐረበ ክሲ፡ መን ይዕወት ኣብ ህዝቢ ዓለም ዝነበረ ግምታትን ውጽኢቱን፡ ድሕሪ ምርጫ ውጽኢት ምርጫ ኣይንቕበልን ዝብሉ ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ድምጾም ዘስምዕሉን ዛጊት'ውን ዝቕጽል ዘሎን ተቓውሞታት ብሓደ ሸነኽ፡ መስርሕ ምርጫና ዝነበርዎ ጸገማት ብዘየገድስ፡ ብመሰረት ሃገራዊ ሕጊ ኣመሪካ ውጽኢት ምርጫ ብጸጋ ክንቕበል ኣላና ዝብል መግለጺ ሂላሪ ክሊንተን ድማ በቲ ካልእ ሰሚዕና።*

*ብዘይካ'ዚ ቅዋም እታ ሃገር ብዝእዝዞ መሰረት ብ20 ጥሪ 2017 ን8 ዓመት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ጸሊም ኣመሪካዊ ባራክ ኦባማ ብወግዕን ብኽብርን ስልጣኑ ንሓድሽ ፕረሲደንት ዶናልድ ትራምፕ ከረክብ እንከሎ፡ ሓድሽ ፕረሲደንት ድማ ተቐቢሉ ቃለ ማሕላ ክፍጽም እንከሎ ተኸታቲልና። ነዚ ግቡእ ኣቓልቦ ሂቡ ብዓይኒ ሕግን ብሓላፍነታዊ መንፈስ ዝተዓዘበ ኤርትራዊ፡ ንዘቤታዊ ጸገሙ እናዘከረ ክብረት ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ማለት እንታይ ማለት ምዃኑ ምስ ነብሱ ከምዝዛረብ ኢሉ እውን ቅዱስ ቅንኢ ከም ዝሓድሮ ርዱእ ነገር'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ህዝቢ ኣመሪካ ቅድሚ ነገራዊ ሓይሊ፡ ሓይሊ ሃገራዊ ቅዋም ክሳብ ክንደይ ገዛኢ ከም ዝኾነ ትምህርቲ ዝተሓፍሰሉ መድረኽ'ዩ።*

*መስርሕ ምርጫ ካብ ዝተጀመረሉ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምድሪ ኣመሪካ ዝስማዕ ዘሎ ዝተፈላለየ ርእይቶታት፡ ሃገራዊ ቅዋም ዝሃቦ መሰል ስለዝኾነ፡ ኣፍካ ሕዝ ክበሃል ኣይተራእየን። ኣይተሰምዐን። ዜጋታት ኮነ ማሕበራዊ ክፍልታት ንፖሊሲታት ሓድሽ ፕረሲደንት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ንሱ ዝተዓወተሉ ውጽኢት ምርጫ'ውን ብወግዒ ኣይንቅበልን ንዓኻ ድማ ከም መራሒና ኣይንፈልጠካን ይብልዎ ኣለው። ኣብ መንጎ ዘሎ ወሳኒ ወይ ገዛኢ ሓይሊ እቲ ተተኳሲ ዝዓጠቐ ክፍሊ ጸጥታን ፖሊስን ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ሓድሽ መንግስትን ተቓወምትን ዘሎ ገዛኢ ሓይሊ፡ እቲ ኩሎም ዝኣምንሉ፡ ዘኽብርዎን ዝምእዘዝሉን ሃገራዊ ቅዋሞም'ዩ። መግለጺ ስልጡን ኣተሓሳስባኦም ድማ ንሱ'ዩ። ካብ'ዚ ከኣዩ ትምህርቲ ክሕፈስ ዘለዎ።*

*ንሕና ኤርትራውያን ናይ ተፈጥሮ ሰብ ኢና። ዘይከም ትማሊ ተቓሊስና ዘምጻእናያ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅብልቲ ዝኾነ ልኡላዊት ሃገር ድማ ኣላትና። ስለዚ ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት፡ ዘቤታዊ ጉዳይና ከመይ ክነመሓድር ክንነባበር ከም ዘለና ክንሓስብ ዘኽእለና ኣእምሮ ኣለና። ንምረሓሉ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ብክኢላታት ኣርቂቕና፡ ንኹሎም ዜጋታትን ማሕበራዊ ክፍልታትን ብዘይ ኣድልዎ ብማዕርነት ብዘተኣናግድ መልክዑ ተዛቲና ብምጽዳቕ ውልቀ ሰባት ዘይኮነ እቲ ባዕልና ዘጽደቕናዮ ቅዋም ንዘረጋገጸልና መሰላት መሰረት ገይር፡ና ከይተሸማቐቕና እንክንሕጎስ ደገፍና፡ ቂር እንክብለና ድማ ቁጠዐና ብሕግን ስርዓት ንገልጸሉ፡ ሕጋውን ፖለቲካውን ባይታ ክንፈጥር ኣብ ኢድና'ዩ። ከምኡ ክንገብር ግን ነቲ ንግዜኡ ዓንቂጹና ዘሎ ስርዓት ምልኪ ክንኣሊ የድሊ። ካብ'ዚ ብዝተረፈ ብዙሕ መጽናዕቲ፣ ገንዘባዊ ወጻኢታት፣ ሰብኣዊ ጉልበት ኮነ ዝተራቐቐ ፍርያት ቴክኖሎጂ ዝሓተና ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ዘድሊ ቅንዕና'ዩ። ኣብ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ምእማን'ዩ።*

*ኣብ'ዚ ሕጂ ኮይናዮ ዘለና ኣሰካፊ ኩነታት ክንወድቕ ዝገበረና ብቀንዱ፡ ባህርን ተግባርን መንግስታዊ ጉጅለ ምዃኑ ኣየከራኽርን። ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትና ተመንዚዕና ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልኪ ኢና ንነብር ኣለና። ካብ'ዚ ግን ክንወጽእ ኣለና። ካብ'ዚ ክንወጻእ ድማ፡ እቶም ብዝተወደበን ዘይተወደበን መልከዓት ንደሞክራስያዊ ሕብረ ሰልፋዊ ስርዓትን ልዕልና ግዝኣተ ሕግን ኣብ ምቅላስ እንርከብ፡ ውሽጣዊ ጸገማትና ፈቲሕና ረስኒ ክንውስ፡ እቶም ንእንኮ ሰባዊ ስርዓት ዝረርው ዘለው ኣምለኽቲ፡ ደገፍትን ወድዓውያን ተሓባበርትን ከኣ፡ ብውሕዱ ከም ሰብኣውያን ፍጡራት ሓይሊ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ኣመሪካ ከመይ ሰላምን ምርግጋእ ከምዘረጋገጸ፡ ሓይሊ ውልቀ መላኺ ኣብ ኤርትራ ከኣ ብኣንጻሩ ካበይ ናበይ ይወስደና ከም ዘሎ ከነጻጽሩ ይግባእ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ* 23-01-2017